# መንፈሳዊ ኣጽዋር ውግእ

"... ብጐይታን ብጽንዓት ሓይሉን በርትዑ፣ ንፍሕሶ ሰይጣን ምቅዋሙ ምእንቲ ክትክእሉ ብዘሎ ኣጽዋር ኣምላኽ ኣልዕሉ፡፡" ኤፌ 6፣10-18፣ 2 ቆረ 10፣ 3-5 ። ከምቲ ኣብ ኤፌ 6፣10-18 ንረኽቦ ኣብ መንጎ ውሉድ ኣምላኽን ድያብሎስ ምስ ርኹሳት መናፍስቱን መንፈሳዊ ውግእ ይካየድ ኣሎ። እቲ ውግእና ኣብ ሰማያት (ኣየር) እዩ ተባሂሉ ከምዘሎ፣ እቲ ቅልስ ኣብ ሓሳባት ኮይኑ እቲ ዓውዲ ኹናት ከኣ ኣእምሮና እዩ፡፡ ስለዚ ኸኣ እግዚኣብሄር ኣምላኽ ነቶም ናቱ ኣምላኻዊ ኣጽዋር ኣዳልዩ፣ ኣጽዋርና ለቢስና ደው ክንብል ይምዕደና። ከምኡ ጌርና ሰናይ ገድሊ እምነት ምስ ንጋደል ከኣ ኩሉ ጊዜ ብክርስቶስ ናብ ዓወት ይመርሓና፡፡ እቲ ኣቦ ሓሶት ዝኾነ መጻርርትና ድያብሎስ ግና ዝተፈላለየ ናይ ምትላል ውዲት ተጠቒሙ እዚ ውግእ ከምዘየለ ወይውን ከምዘይምልከትና ጌሩ ከእምነና እዩ ዝጽዕር። ነቲ ሓቂ ብዘይምፍላጥና ድማ ግዳይ ውዲቱን ፍሕሶታትቱን ፍላጻታቱን ኰንና ንተርፍ። ቃል ኣምላኽ ንኣምላኽ ተገዝእዎ ንድያብሎስ ግና ተጻርረዎ እንዳበለና ከሎ፣ እቲ ውግእ ደኣ ክርስቶስ ተዋጊኡ ብዓወት ዛዚምዎ እንድዩ፣ ጥራይ ኣብ ክርስቶስ ይሃሉ እምበር ንሰይጣንን ንርኹሳት መናፍስቱን ምጽራር ንምንታይ ኣድለየኒ ኢልካ ክትድቕስ ምግባር ከኣ እቲ ዝዓበየ ውዲት ናይ ድያብሎስ እዩ። እዚ ድማ ልክዕ ከምቲ ሓደ ኣብ ዓውዲ ኹናት ዘሎ ውትሃደር እሞ፣ ሰራዊትና ኩሉ ኣሎ ዝብሃል ኣጽዋር ውግእ ስለዘሎዎስ፣ ስቕ ኢለ እንተደቀስኩ ጸገም የለን ዝብል ዓይነት ዕሽነት እዩ። ነቲ ከምኡ ኢሉ ዝደቀሰ ወትሃደር እንታይ ከምዝገጥሞ ንነፍሲ ወከፍና ንጹር ኢዩ፡፡

እምበርከስ ክርስትያን ወትሃደር ክርስቶስ ስለዝኾነ፣ ኣብቲ ብቐንዱ ኣምላኽ ባዕሉ ዝዋግኣሉ መንፈሳዊ ውግእ ንብዘሎ ውዲት ሰይጣን ኣፍሺሉ ምርኮን ዓወትን ክሓፍስ ምእንቲ፣

1. ብናይ ስጋ ቅልጽም ዘይኮነስ፣ ብጐይታን ብጽንዓት ሓይሉን ይብርትዕ፡፡
"በቲ ኣብ ክርስቶስ ዘሎ ጸጋ ደልድል።" 2 ጢሞ 2፣1 ።
2. ብዘሎ ኣጽዋር ኣምላኽ ብምልዓል፣ ነፍሲ ወከፍ ነዘን ኣብ ኤፌ 6፣14-17 ተዘርዚረን ዘለዋ ኣጽዋር በብዕለቱ ለቢስወን ይጐዓዝ።
3. ብመንፈስ እንዳጸለየ ዕርዱ የደልድልን ዕርዲ ዲብሎስ የፍርስን፡፡
4. እዚ ኹሉ ምስ ኣስለጠ ኸኣ ኣብ ኣምላኽ ተወኪሉ ብትብዓት ደው ይብል።

እዚ ክንገብር ብቕዱስ መንፈሱ ክድግፈና እንዳጸለና እምበኣር ነዘን ልበስወን ተባሂልና ዘሎና መንፈሳዊ ኣጽዋር ብዝርር ክንርየን ሰናይ ፍቓዱ ይኹነልና፡፡

ብክርስቶስ ሓውኹም፣ ሙሴ ዑቕባሚኬል(ማሪን)